# ክታበት ኣስትራዘኔካ ካብ መደብ-ክትበት ኮሮና ክእለ እዩ

## ምሕጽንታ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኮሚተ-ቮርላንድን ብምኽታል መንግስቲ ንክታበት ኣስትራዘኔካ ካብ መደብ-ክትበት ኖርወይ ክኣልዮ እዩ። ክታበት-ያንሰን ኣብ ንድልወት ዝኸውን መኻዚኖ ንክኸዘን ይስረሓሉ ኣሎ፡ ጎኒ ጎኑ ከኣ እዚ ክታበት ብወለንታዊ ኣገባብ ብኸመይ ክወሃብ ከምዝኽእል ገምጋም ይግበረሉ ኣሎ።

ክታበት ኣስትራዘኔካ ሳሕቲ ዝረኣዩ ግን ከኣ ከበድቲ ጕር-ሳዕቤናት የርኢ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ምስ መጸ ብዕለት 11 መጋቢት 2021 ደው ከምዝብል ተጌሩ እዩ። ክታበት ያንሰን ውን ከም ኣስትራዘኔካ ኣብ ቨክተርቫይረስ ዝተሞርኮሰ ዓይነት ክታበት ብምዃኑ ተመሳሳሊ ጕር-ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ክታበት ያንሰን ዛጊት ኣብ ኖርወይ ኣብ መዓላ ኣይወዓለን ዘሎ።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክታበታት ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ካብ መደብ-ክትበት ኖርወይ ክእለ ምሕጽንታኦም ኣሕሊፎም እዮም። መንግስቲ እዞም ክታበታት ኣብ ኖርወይ ክንጥቀመሎም ዲና ኣይክንጥቀመሎም ቅድሚ ምውሳኑ ብላሽ ቮርላንድ ዝምራሕ ኮሚቴ ክኢላታት ኣቐሙ ንኣጠቓቕሞኦም ዝምልከት ሰፊሕ ገምጋም ከምዘካይዱ ጌሩ ኔሩ እዩ። ኮሚተ ክኢላታት ብሰንኪ ሳሕቲ ዝረኣዩ ግን ከኣ ከበድቲ ጕር-ሳዕቤናት ክኸሰቱ ዘሎ ተኽእሎ ክታበታት ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ንኸይንጥቀመሉ እዮም ምሕጽንትኦም ኣመሓላሊፎም። እዚ ምሕጽንታ እዚ ኣብ ኖርወይ ለብዒ ትሑት ብምህላዉን ካልኦት ክታበታት ብብዝሒ ንረክብ ብምህላውናን ግድን ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ።

ክታበት ኣስትራዘኔካ ኣብ ኖርወይ ከይተጠቐምናሉ ክንተርፍ መንግስቲ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ፡ ወላ ብወለንታዊ ኣገባብ ውን። ኣብ ኖርወይ ሳሕቲ ዝተራእዩ ተርእዮታት ከበድቲ ጕር-ሳዕቤናት ክርአ ከሎ ኣስጋእነቱ ካብ ጥቕሙ ዝልዕል ብምዃኑ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዙሕ ክታበታት-mRNA ክመጻና ንጽበ ብምህላውናን ኣብ መንጎ ቀዳማይ መርፍእ ክታበትን ካልኣይን ዘሎ ጋግ ግዜ ብምውንሑ ተኸተብቲ እናበዝሑ ኢዮም ክመጽኡ ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

### ለግሲ ክታበታት ኣስትራዘኔካ

ኤውሮፓዊ ሕብረት ምስ ትካላት ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ዝተኣታተዎ ውዕል ንካልኦት ሃገራት ክታበታት ምልጋስ የፍቅድ እዩ። ሃገራት ኤውሮፓዊ ሕብረት ንኖርወይ ዝሃባኦ ክታበታት ክምለሰለን ሓደ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካልእ ፍታሕ ድማ ነዞም ክታበታት ብስርዓተ ምትሕብባር ክታበት ኮቫክስ ንካልኦት ሃገራት ከምዝወሃብ ምግባር እዩ። ብግብሪ እዚ ብኸመይ ክንፈትሖ ከምንኽእል ንምፍላጥ መንግስቲ ሕጂ ስርሑ ይጅምር ኣሎ።

ምስ ኮሚሽን ኤውሮፓን ኣብ ውዕል ኣስትራዘኔካን እቱዋት ዝኾና ሃገራት ኤውሮፓዊ ሕብረትን ብምትሕብባር ኢና እዚ ክንገብሮ። ኣስትራዘኔካ ብቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮፓን ቤት-ጽሕፈት መድሃኒት ኖርወይን ተቐባልነት ዝረኸበ ክታበት እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተጠቐሙሉ ኣድማዒ ክታበት ስለዝኾነ እቶም ክታበታት ኣብ ካልእ ሃገር ከምዝጥቀሙሎም ክንገብር ኢና፡ ማለት ካብ ኖርወይ ዝገደደ ኩነታት ለብዒ ዝረኣየለን ሃገራት ክኾና ይኽእላ ይብል ሀይየ።

እዚ ክታበት ኣብ ሃገርና ደው ኢሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ኖርወይ ንሽወደንን ኣይስላንድን ክታበታት ከተለቅሐን ጸኒሓ ኣላ።
[Les mer på regjeringen.no/ንተወሳኺ ሓበረኢ,ታታት ኣብ regjeringen.no ኣንብብ።]

### ያንሰን ብወለንታ ክወሃብ ይከኣል ኢዩ

ክታበት ያንሰን ኣብ መደብ-ክትበት ኖርወይ ተወንዚፉ ክጸንሕ መንግስቲ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ። ኩነታት ለብዒ ምስ ዝቕየር፡ ሓደስቲ ባህርያት ዘለዎም ዓይነት ቫይረሳት ምስ ዝመጹ፡ እቲ ክመጻና ንጽበዮ ዘለና ክታበታት ዘይተጸባናዮ ጸገማት እንተደኣ ኣጋጢሙን ምናልባሽ ውን ብዛዕባ ጕር-ሳዕቤናት ሓድሽ ሓበሬታ እንተደኣ መጺኡና እቶም ንድምድሞም ውሳኔታት ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና እዚ ክታበት ካብ መደብ-ክትበት ወጻኢ ክንጥቀመሉ ምሕጽንትኦም ከይሃቡና ከተርፉ ከለዉ ኮሚቴ ሾርላንድ ብወገኖም ክታበታት ሸክተርቫይረስ ካብ መደብ-ክትበት ወጻኢ ንህዝቢ ክወሃቦ ይግብኦ ዝብል ኩላቶም እዮም ተሰማሚዖምሉ። ኣብ ግብሪ ብኸመይ ክትግበር ኣሎዎ ንዝብልን ዝርጋሐ ኣወሃህባን ንዝብልን ግን ኣባላት ኮሚቴ ዝተፈላለዩ ርእይቶታት እዩ ኔሩዎም።

እቶም ዝወሓዱ ኣባላት እታ ኮሚተ ዘቕረቡዎ ርእይቶ መንግስቲ ይሰማማዓሉ እዩ፡ ንሱ ድማ ናይ ገዛእ ርእሱ ኩነታት ብዝበለጸ ክግምግም ዝኽእል እቲ ዝምልከቶ ውልቀ-ሰብ እዩ፡ ስለዚ ነፍስ ወከፍ ሰብ ባዕሉ ኣስጋእነቱ ቅቡል ድዩ ኣይኮነን ክግምግም ኣሎዎ። ከምኡ ካብ ኮነ ነቲ ዝምልከቶ ውልቀ-ሰብ ብቑዕን ዝተሓደሰን ሓበሬታ ከምዝወሃቦ ምግባር ፍሉይ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ተኸታቢ ሰራሕተኛታት ብቑዕ ሓበሬታን ማዕዳን ምስ ሃቡዎ ብወለንትኡ ክወስዶ ምኻኑ ከም ሓደ ቅድመ-ኩነት ንሕዞ።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና እዚ ብኸመይ ክግበር ከምዝከኣል ጽጹይ መጽናዕቲ ከካይዱልና ክንሓቶም ኢና። ኣየኖት መለክዒታት ክንጥቀም ከምዘለና፡ ብዛዕባ ኣስጋእነቱ ሓበሬታ ብኸመይ ክወሃብ ከምዘለዎ፡ እቲ ክታበት ኣበይን ብመንን ክወሃብ ኣሎዎ ዝብሉ ነጥብታት ንቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ገምግሙልና ኢልና ክንሓቶም ኢና። ክታበት ያንሰን ክወሃብ እንተደኣ ተወሲኑ ብነጻ ዝወሃብ ኮይኑ ኣጋጣሚ ኮይኑ ጕር-ሳዕቤናት እንተደኣ ተኸሲቶም እቲ ተሓካሚ ብፍታሕ ማህሰይቲ ተሓከምቲ ሽፈነ ክህልዎ እዩ ይብል ሀይየ።

## መኻዚኖ ድልውነት ክታበታት ያንሰን

ኖርወይ 3.77 ሚልዮናት ክታበታት ያንሰን ጠሊብና ኣለና፡ ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ መኻዚኖ ትካል ህዝባዊ ጥዕና 72 000 ክታበታት ኣለዉና። እዚ ክታበት እዚ ክሳብ ክልተ ዓመት እዩ ተኸዚኑ ክጸንሕ ዝኽእል። እተን ክታበታት ዝሰዳልና ትካላት እንዳወሓዳ ክኸዳ ከለዋ ተነካእነቱ ከኣ እንዳ ዛየደ እዩ ዝኸይድ። ከም ተወሳኺ ኩነታት ለብዒ ውን ክቕየር ይኽእል እዩ። ስለዚ እማመ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብምኽታል መንግስቲ ክታበታት ያንሰን ዝኽዘነሉ መኻዚኖ ድልውነት ክሃንጽ ወሲኑ ኣሎ። እዚ መኻዚኖ ድሉውነት ዕብየቱ ክንደይ ክኸውን ከምዘሎዎ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክግምግሙልና ልኡኽ ተዋሂቡዎም ኣሎ። እቶም ዘይኽዘኑ ክታበታት ከኣ ልክዕ ከም ክታበታት ኣስትራዘኔካ ንካልኦት ክንህበሉ ዘኽእለና ዕድላት ብዝብል ኣብ ግምት ከነእትዎ ኢና።